ኢ.ገበይካ ባቡራይ;;እዚ ህዝቢ ደሙ ኣፍሲሱ;; ሃገሩ ኣውሒሱ ክነሱ;; ካብ ሐደ ክሳብ ሐዙሽተ ሽዱሽተ መስዋእቲ ከፊሉ;; ዘይሕጋዊ ጉጅለ ሕጊ እንዳባ ጥሒሱ;; ብዶብ ኣማሳሚሱ ንኩርሱ;;ርስትና ኣፍሪሱ;;ፋሽሽታዊ ጉጅለ ብውዲት ነጊሱ;;;;

ሕጂ ውን ኢ.ገበይካ ባቡራይ
መን ኢ.ኻ ትኸውን ሸያጣይ
ያኣክል ዘይናትካ ምምናይ;;;;

ብዶብ እንዳ ሃውተተ
ብስዉር ብናቱ ኤሊ.ተ
ብድቁስና ክሸጠና ክዛተ;;

እዚ ህዝቢ ያኣኽሎ
ካብ ቱርኩ ኣትሒዙ
ንወረርቱ ክምክት ዝጎየየ
ያኣኽሎ ን30 ዝደመየ
ሰናይ ጉርብትና ዩ ንምነየ;;

ንብዓት ሐርገጽ ዝነብዑ
ብህዝቢ እንዳ ተጣልዑ
ደሙ ሰትዮም ኣንጉዑ;;

ንህዝቢ ዓፋር ሐደራ
ምስ ኢ.ትዮጵያ ከይድምራ
ሃገርና ኤርትራ
ካብ ራስ ቄሳር ክሳብ ራስ ዲሜራ;;

ዘተ ብዝቀልጠፈ
ዘተ ብዝጸፈፈ
ያኣክል ዝሐለፈ;;

ግብራዊያን ንኹን ደቂ ኤረ
ሕልሚ ደመኛና ከይሰመረ

ዝያዳ ከይዓርዓረ
ዳባትና ከይተደመረ
ዳግማይ ከይተወፍረ;;

ዋይ ዋይ የብሉን ጠቕሚ
ህዝቢ ኤርትራ ከም ዓሚ
ዳግማይ ከይደሚ;;

መጸዋዕታ ንደቂ ሃገር
ንድሕነት ህዝቢ ብተግባር
ሰላማዊ ሰልፊ ምግባር;;

ኣዕዋፍ ሰማይ ብረራ
ከምዚ እንዳበልክን ዘምራ
ሰላማዊ ሰልፊ ኣብ ድያስፖራ
ጭርሖና ኣይውክሉናን ጭፍራ;;

ሕቡራት መንግስትታት
ሕጊ ኣይትጓዕጽጹ
ንህዝቢ ኤርትራ ኣይትዓምጹ
ዶባትና ብቕልጡፍ ሐንጽጹ;;

ንመንእሰይ መግዛእቲ መሪርዎ
ኣብ ሳሃራ ኣሞራ ኣዛብእ ይበልዕዎ
ኣብ ውቅያኖስ ዓሳታት ይውሕጥዎ
ኣውያት ህዝቢ ኤርትራ ስምዕዎ;;;

ንኢትዮጵያ ዘይናታ ክትብዎ ትጓየዩ
ሕጊ ጓዕጺጽካ ሰላም ኣይመጽእንዩ
ብውዲት ክሳብ ማዓስ ምሉኡ ክትዓዩ
ብዲክታቶር ህዝቢ ክጸንት ኣይትጸበዩ;;;

***ዓወት ነቲ ደም ዝነብዕ ዘሎ ህዝቢ ኤርትራ ክብርን ሞጎስን ንጀጋኑ ሰማእታትና«ስዕረት ንህግደፋዊያን ዓንገልቶምን« ካብ ዉሽጡ ሑፉር«ኣባል ተሐኤ«በርሀ ዑቕባዝጊ ሃገር ጀርመን፥«፥***